# ሓፋ ብትዕግስትን ጽንዓትን ክሓልፎ !

ሓደ እዋን'ዩ ፡ ሊቀ-መነኮሳን ተዓዲሙ ውዒሉ ፡ እንግዶቱ ዛዚሙ ፡ ናብ መንበሪ ቤቱ ንክምለስ ኣብጉዕዞ እንዳሃለወ ፡ ኣብ ሓደ ብርቱዕ ውሕጅ ዝሓልፈሉ ዓቢ ሩባ በጽሐ'ሞ ፡ እቲ ሩባ ከምቲ ዝሓሰቦ ፡ ክሳብ ጫፍ-ንጫፉ መሊኡ ስለዝጸንሖ ፡ መሕለፊ ስኢኑ ሓርበቶ ፡ እዚ ውሁብ ኩነት ዘስደመሞ ሊቀ-መነኮሳን ፡ ኣብቲ ገምገም ሩባ ዝርከብ ኣብ ሓደ ዕብይ ዝበለ እምኒ ኣጠዓዒሙ ተቐመጠ'ሞ ፡ ነቲ ዝሕንበብ ዝነበረ ውሕጅ ክደርሰሉ ጀመረ ይብሃል ፡ ሓያለይ ብዝተጻወተን ብዝተኣንገተን ፡ ሓደ ዝፈልጦ ግሩም ሰብኣይ መጸ'ሞ ፡ ሊቀ-መነኮሳን እንታይ ድኣ ትገብሩ ኣለኹም ቢሉ ሓተቶ ? ክሳዕ እዚ ውሕጅ ዝዛርየልኩም'ዶ ! ትዘናግዑ ኣለኹም እናበለ ተዋዘዮ ፡

እቲ ሊቀ-መነኮሳን ግን ርእሱ ኣቕንዕ ኣቢሉ ፡ ኣይፋለይን ከሕልፈኒ እባ ነዚ ውሕጅ እዋጥየሉ ኣለኹ ኢሉ መለሰሉ ፡ ሽዑ እቲ ሰብኣይ ብዙሕ ተገሪሙ ፡ ኣንቱም ሊቀ-መነኮሳን ፡ ተጋጊኹም እኳ ዘይትፈልጡ እንታይ ድኣ ሎሚ ነዚ ጌጋ ብገጅፉ ኮፍ ኣቢልኩሞ ፡ እዚ ውሕጅ ከምዚ ትርእይዎ ዘለኹም ኣመና ህዉኽ እዩ ዝመስል ፡ ጽን ኢሉ ዝሰምዕ ትዕግስቲ ዘለዎ ኣይኮነን ፡ ኣብ ጉዳይ ውራዩ ተጸሚዱ ፡ እቲ ዘዝሰምዐ እናኣጉሮምረመ እዩ ዝሓልፍ ዘሎ ፡ ዘዘይሰምዐ ሓድሽ ድማ ይመጽእ ኣሎ ፡

እቲ ጠጠው ኢሉ ንሕቶኹም ጽን ኢሉ ሰሚዑ ሕለፍ ዝብለኩም'ሲ ኣየናዮም እዩ ? ኢሉ ሓተቶ ፡ ወዮ ሊቀመነኮሳን ፡ ነገሩ ተረዲኡ ንኹሉ ሓዲጉ ጠጠው ኢሉ ብዘዳመጸ ፡ ነገራቱ ኩሉ ተረዲእዎ ፡ ምስ ብጻዩ ተሳንዮም ናይ ሓባር መንገዲ ከናድዩ ተበገሱ'ሞ ፡ ምኽሪ ኣሕዋት ስለዘሳኒ ንዓዶም ብሰላም ኣተዉ ይበሃል ፡

ኣብ መንታይ ንምባጽሕ እየ ይመስለኩም ፡ እዚ እዋን ንርእዮ ዘለና ፡ እዞም ሓያላት ናይ ዓለም ኢና ብሃልቲ ፡ ብሰንኪ ግጉይ ምሕደርኦም ፡ እዚ ዘይበሃል ቁጠባዊ ዕንወት ንዓለምና ኣሰኪሞማ ፡ <u>ሕነ ቀራናት ንጓዕማማት ከምዝበልዎ</u> ፡ ከም ጋሻ ውሕጅ ደናጉላን ኣኻውሕን ፡ ንጥሉልን ንቑጽን ፡ እናነተተ ንዕርበቱ ክምርቀፍ ንርእን ንዕዘብን ኣለና ፡ ንሕና ኤርትራውያን ክኣ ፡ ሕደግዶ ሎም ፡ ኣብራኽና ከምድላይና እነሳፍሓሉ ፡ ልዑላውነታ ዝተረጋገጸት ሃገርና ኤርትራ ኣብ ኢድና ጨቢጥና ፡ ፐለቲካዊ ሓርነትና ተወሪቑ፡ ብዝወጠንናዮ መደባትና ፡ ከምቲ እንደልዮ ፡ ኣብዝመረጽናዮ እዋን ህንጻትን ምዕባለን ፡ ሃገርናን ዓቕሚሰብና ጎደና ምዕባለ ኣብንምርሻሉ ዘለና እዋን ፡ ትማልትማል እኳ ፡ ኣብ ክንዲ ዓውዲ ዘይትኣክል ደጀን ሳሕል ፡ ብዝተወሰነ ዓቕሚ ፡ ምስ ናይ ክልተ ደምበ ናይ ዓለምና ርእሰ-ሓያላን ብትብዓት ገጢሙ ዓሮምሽሽ ኮይኑ ብምውጽኡ ፡ ብርቂ ናጽነቱ ኣረጋጊጹ ፡
ሎሚ'ውን እንተኾነ ፡ <u>ብዕራይ ኣብዘበለ የብል ዕርፊ ኣጽንዕ</u> ፡ እቲ ማሕረሻ ከይህሰ ስለዝኾነ ከይተዛነናን ከይተረበሽናን ፡ ከምቲ ልሙድ ደርፊ ዓድና እናደረፍና ፡ ብትዕግስተን ጽንዓትን ሃገራዊ ዕማምና ምትግባር እዩ ፡
እንቶ ክርዳድን ገፈልን ፡ ሚዛኑ ፎኪስ ስለዝኾነ ፡ ከምጽዕነት ሎሪ ፡ ኣብ ግዜ ደግዳግን ሓርጎጽጎጽን ንላዕሊ ወጺኡ ፍኹሰተይ ርኣዩኒ ኢሉ ቃላቱ ከይወድአ ብንፋስ ተለኪሙ ስለዝሃፍፍ ፡ ብዙሕ ድቃስ ንስእነሉ ጉዳይ ኣይኮነን ፡

ሃገራዊ እምነት ክብሪ ኣለዎ !
ሓድነት ምትግባሩ ዝያዳ ላዛ ኣለዎ !
ትዕግስትን ጽንዓትን ክኣ እቲ ተመራጺ እዩ !

ዓወት ንሓፋሽ !

ካብ ብርዒ ሓቂ !